# ሰላማዊ ሰልፊ ንዝኽሪ 18 መስከረም 2001
# ኣብ ከተማ ስቶኮልም !!!

ህዝቢ ኤርትራ ክቡር ዋጋ ከፊሉ ዘረጋገጸ ናጽነት፣ ከምቲ ዝተመነዮን፣ ዝተቐበሎ ሕድሪ ሰማእታቱን ብግብሪ ከየስተማቐሮ ኣብ 1998 እንደገና ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ኲናት ኣተወ። መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብቲ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘየርብሕ ኲናት ብውሕልነትን ሓላፍነት ብዘለዎ ኣገባብ ከምልጥ ዝፍትን፣ በንጻሩ ኲናት ዝፈጥረሉ "ጽቡቕ" ኣጋጣሚ ዓመጽ ኣብ እዋን ሰላም ከምዘይረኽቦ ስለ ዝኣመነ፣ ስሉዕ ባህርያቱ ንምርዋይ ኣብ ትርጉም ዘይነበሮ ኲናት ኣተወ፡፡

ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት መስዋእትን ዕንወትን ከኣ ብጻዕሪ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ኣልጀርስ ናይ ሰላም ስምምዕ ተበጽሐ፣ ብኡ ንብኡ ኣብ ምሉእ ሃገርና ሕዲሽ ሃዋህው ተፈጢሩ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሕቶታት ቀዳማይ ቦታ ክሕዝ ጀሚሩ፡፡ ከም ዝዝከር እቲ ኣቐዲሙ ካብ 1993 ኣትሒዙ ብህዝብን ተጋደልትን ክጥለብ ዝጸንሐ ደሞክራስያዊ ምሕደራን ስርዓተ ሕግን ወዘተ ብላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን ክድገፍ ምስ ጀመረ፣ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብሕጊ ምኻድ ኣየዋጻኣንን'ዩ ኢሉ ስለ ዝኣመነ፣ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ዝዓይነቱ፣ ግሁድ ምልካዊ ስጉምቲ ወሰደ፣ ንኣባላት ጉጅለ 15፣ ንኣዳለውቲ ብሕታውያን ጋዜጣታት፣ ዓበይቲ ዓዲ ኣሲሩ፣ ነተን ጋዜጣታት ኣጊዱ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ብኣፉ ለጕሙ እውጅ ምሕደራ ራዕዲ ኣንገሰ፡፡ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ክፍጽም ዝመረጸ መዓልቲ ከኣ 18 መሰከረም 2001 ኮነት፣ እዛ ዕ ለት'ዚኣ ግን ንደሞክሲያውያን ባእታታትን ጀጋኑ ኣብነታውያን ደቂ ሃገርን በዲላ ኣይተረፈትን፡፡

እቲ ፍጻሜ'ቲ ግብረ መልሲ መሻኺ ድኣ'ዩ ነሩ እምበር፣ ቀንዲ ዕማም ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንጹር ባህርያት ከተቃልዕ'ያ ተበጊሳ፣ ስለ ዝኾነ ከኣ ናይ ልዕሊ 30 ዓመታት ዝና "መራሒ" ኣብ ሓንቲ ለይቲ ሰሪዛ ወይ ቀንጢጣ ጥርሑ ኣውጺኣቶ፣ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ዓለም'ውን ነጺላቶ፡፡

ኣብታ ባዕሉ ዝሰርሓ ዓባይ ቤት ማሕቡስ ከም ዝእሰር ገበረቶ፣ እዚ ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻሜ'ዚ ናይ 18 መሰከረም 2001 ዕለተ ውዕለት እዩ፡፡ ብሓጺሩ "በይናዊ ግዝኣተ ምልኪ ኢሳያስ ኣፈወርቂ" ዝተኣወጀትላ መዓልቲ እያ፡፡

ንሕና ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ስቶኮልም ምስ ዕለት 18 መስከረም 2001 ፍሉይ ተወሳኺ ዝኽሪ ኣላትና፣ ንሳ ከኣ እቲ ኣብ ሃገርና ዝተቐልቀለ ውሽጣዊ ምስሕሓብ፣ ማለት ህዝብን ተጋዳላይን ንፍትሕን ደሞክራስን ስርዓተ-ሕግን ክሓቱ ከለው፣ በንጻሩ ብመራሕ መንግስቲ "ኢሳያስ" ዝምራሕ ጉጅለ ግን ኣብ ውሽጥን ግዳምን፣ ንሽግራት ሃገርና ብዘተን ብልዝብን ክፈትሖም ኣይደለየን፡፡

ብኣንጻሩ ብኣዕናውን በታንን ዘመተ ተሰንዩ ዘይተኣደነ ጸለመ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ኣካየደ፣ ኩነታት ሃገርና ብኹሉ መዳያት ኣብ ደልሃመት ስለ ዝተሳጠሐ ዓገብ ብምባል ኣብ ቅድሚ ባይቶ ሃገረ ሽወደን ሰላማዊ ሰልፊ ዘዳሎና፡፡ ኣብቲ ቅድሚ'ቲ ኣዳራሽ ብምቕራብ ከኣ ጥርዓናን ጸዋዒትናን ንወከልቲ መንግስቲ ሽወደን ኣቕረብና፣ ሓቐኹም ካብቲ ዝፈራህኩሞ ኣይወጻኹምን፣ ሎሚ ንግሆ ዝበጽሓና ሓበሬታ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ "ደሞክራሲያዊ ለውጢ" ንዝጠለቡ ዜጋታትኩም ኣሲሩ'ሎ.... ኢሎም ከኣ ኣርዱኡና፣ እዛ ዕለት'ዚኣ ሰለስተ ዓመት ዕድመ ዘለዋ፡፡ ንሕና ንመበል ራብዓ ይ ግዜ ንሰላማዊ ሰልፊ ንስለፍ ኣሎና፡፡

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንኹሎም እቶም ኣብዛ ዕለት እዚኣን ከምኡ'ውን እቐዲሞምን ዲሒሮምን ዝተኣስሩ ዜጋታትና እንዝክረላን ንዝተሳቐይሉ ዕላማታት ናብ ፍጹም ዓወት ከነሳግሮ ቃልና ነሐድሰላ ብጽእቲ ዕለት ንኽትከውን ዝመረጽና፡፡ በብዓመቱ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ዝሰፍር ምዕራፋት እንዳመዝገብና፣ ድምጺ ውጹዕ ህዝብና ነስምዓላ ዕለት ኮይና ኣላ፡፡ ኣብ ወጻኢ ንዘለው ኣሕዋት ኤርትራውያን ብሓፈሻ፣ ኣብ ሽወደን ንዘለው ከኣ ብፍላይ ኣይንፈልጥን ነርና ከምኡ ኣይመሰለናን ዘይብሃሎ ጭብጥታት ኢና ነቃልሕ ዘሎና፡፡

ኩሎም ዜጋታትን፣ ፖለቲካውያንን/ማሕበራውያን ሓይልታት ተሳትፍኦም ንኸዕ ዝዙ ብኽብሪ ነዘኻኽር፡፡

ዓወት ንዝቢ ኤርትራ!!!
ውድቀት ንምልካዊ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. !!!

ብድሓን ምጹ !!!
ኮሚቴ ሰላማዊ ሰልፊ 18 መስከረም 2001
**c/o Eritreanska Folkrörelse för Demokrati i Sverige**
**P.O.Box 7033 164 07 KISTA**

ሰላማዊ ሰልፊ
ዝካየደሉ ግዜን ቦታን

ዕለት፣ ቀዳም 18 መስከረም 2004

ቦታ፣ ኣደባባይ ሰርገልስቶሪ
**(Sergelstorg - STOCKHOLM)**

ግዜ፣ ካብ ሰዓት 11፣30
ክሳብ ሰዓት 13፣00